# ጉባኤ፣ ኣብ ሰነዳት ናይ'ቲ ዝምስረት ዘሎ ሓድሽ ሰልፊ ምኽታዕ ጀሚሩ

## ክፍሊ ዜና ስርሓት ጉባኤ ሰልፊ
26.07.2008




ሎሚ፡ ዕለት 26.07.2008፡ ጉባኤ ንኻልኣይ መዓልቱ ቀጺሉ ውዒሉ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ውን፡ ልክዕ ከም ናይ ትማሊ፡ ናይ መርበብ ሓበሬታ ኣዱሊስ ኣካያዲ ሓው ጀማል ሁመድ፡ ናይ ትካል መጽናዕትን ምርምርን ቀርኒ ኣፍሪቃ ወኪል ሓው ዑስማን መሓመድ፡ ወከልቲ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ኣሕዋት መሓመድ ኑር ኣሕመድን ሓጅ ዓብደልኑርን፡ ከምኡ ውን፡ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነበር ዝኾኑ ተዓዘብትን ተሳቲፎም ነይሮም።



ሰክረታርያ ጉባኤ፡ ኣስማት ናይ ኣባላት ጉባኤ ብምጽዋዕ ሕጋውነት ኣኼባ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኣብ'ቲ ትማሊ ዝጸደቐ ኣጀንዳታት ምይይጥ ምክያድ ጀመረት። ነቶም ድሒሮም ዘርከቡ ተሳተፍቲ ኣብ ጸብጻብ ብምእታዉ ጠቕላላ ቍጽሪ ኣባላት ጉባኤ 152 ምኳኑ ብወግዒ ኣፍለጠት።

ኣጀንዳታት ጉባኤ ብቕደም ተኸተል ከም'ዞም ዝስዕቡ ነበሩ።

- ስም ሰልፊ
- ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ
- ንድፊ ውድባዊ መደብ ዕዮ
- ፖለቲካዊ ውሳኔታት
- ምምራጽ መሪሕነት
- ደምዳሚ ኣዋጅ

ስም ሰልፊ ብዝምልከት፡ ብኮሚሽን ምስረታ ሰልፍን ብኣባላት ጉባኤን ኣብ ዝቐረቡ ካብ 10 ዘይውሕዱ ኣስማት ነዊሕን ዓሚቕ ን ክትዕ ድሕሪ ምክያድ፡ ስም'ቲ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሰልፊ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ጉባኤ ወሰነ።

ኣስዒቡ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ብጾት ንዝቐረበ ንኣርማ ሰልፊ ዝኸውን ካብ 5 ዘይውሕድ ሓሳባት ብስእላዊ መልክዕ ድሕሪ ምርኣይ፡ ኣርማ ሰልፊ፡ ድሕረ ባይታኡ ኣብ ክልተ ስሉስ ኵርናዕ እተኸፍለ፡ ሓደ ካብ'ቲ ስሉስ ኵርናዕ ሰማያዊ እቲ ካልኣይ ክፋሉ ድማ ቀይሕ ዝኾነ፡ ን9 ኣውራጃታት ኤርትራ ዘመልክታ 9 ከዋኽብቲ፡ ከምኡ ውን፡ ናይ ኣውሊዕ ቈጽሊ ዘለዎን ክኸውን ተወሰነ።

ብድሕር'ዚ ነቲ ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ንድፊ ሰፈሩ ዝርከብ ንሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ፤ ንሚዛን ሓይሊ ዝሕሉ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን እተመርኰሰ መንግስቲ፤ ንሕገ-መንግስቲ ዝምእዘዝን ዘገልግልን ዝብሉ ዓንቀጻት ክካታዕ ውዒሉ።

